# ወይ አነ ሓወይ
# ኤረ ንመን ኢና
# ንነግሮ ?!

By ሚካኤል አጎስቲኖ(ቱቢንገን ጅርመን)
Sep. 18.09.2005

አብ ሰማንያታት በብግዚኡ አብ ሱዳን ብርክት ዝበሉ ተጋደልቲ ነበር፤ መን ከም ዝቅትሎም ዘይፍለጥ ብስዉር ስራሓት ይቅተሉ ነይሮም፤ አንታ መን ቀቲልዎም እንተተባህለ፤ ህዝባዊ ግንባር ዓብደላ እድሪስ(ተ.ሓ.ኤ.) ኢላ ተኸሰስ ነበረት፤ ዓብደላ እድሪስ እንተታሓተ፤ ንዓይ ዘይመቐታሎም እኳ እቲ ኹሉ ሓጥያት ናባይ ከጸግዕዎ ስለ ዝደልዩ እዮም እንበር፤ ንዓይ ምቕታል አይጠፎኦምን አይሳአኑንን በለ ይባሃል። ሎሚ ኸአ ህግደፋዉያን ዘጸግዕሉ ስለ ዝሳአኑ ናይ ግድን እዩ ጻዕዳ ሕሶት ክሕስዉ፤ አብቲ ጥቃ አከራኸሪ ዘሎ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተዝነብር'ዉን ብዝይ ሕሶት ወያነ ምበሉ።

አብ'ዚ ሰሙን እዚ አብጥቃ እንዳፍንጃል አብ አስመራ ሓደ ኤርትራዊ ሰብ ቀተሉ ከብቅዕ ትልኽ ክብል እንተጸንሖ ኸአ ክንዲ ናብ ሕክምና ምዉሳድ ብጥይት ከም ዘዳገሞ እቲ ረሳ ንሳዓት ዝአክል ከም ተሰጥሖ፡ ብዕለታዊ ጋዘጣ ኮርየረ ደላ ሰራ(Corriere Della Sera) ዘስፈሮ መግለጺ ቅትለት አብ ወብሳይታትት ኤርትራዉያን ብስእሊ ተመልኪትና።

ዑሉብ ህግደፍ ትልኽ እናበለ ዘዳገሞ ነቲ ዝተረፈ ህዝቢ ከርዕድዎ ዝብል ሓሳብ እዩ ነይሩ። ህግደፍ ካብ ተመኩሩኡ ዘይማሃር ስርዓት ስለ ዝኾነ አብ 1975 ዓ.ም. ደርጊ ንመንእሰያትን ንህዝብን ንኽርዕድ መንእሰያት አብ ፈቆዶ ጎደናታት አስመራ ብስልኪ ይሓንቆ እሞ ህዝቢ ኤርትራ ድማ በዚ ሪዒዱ ኮፍ አይበለን፡ ብአምሳይኡ ናብ የሕዋቱ ናብ መዳ ወጺ፡ ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኻአ አትረሮ።

እዚ ስርዓት አልቦ ድማ በቲ ደርጊ ዘገበሮ ግፍጊ፡ ንብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ከም ዝሔ የሎ ካብኡ ክማሃር ብዘይምኽአሉ እዩ። እዚ ኻአ ዕርበቱ ምኳኑ እዩ ዘረዳአካ።
እቲ አበዚ ሰሙን ዝፍጸሞ ቅትለት ዝህቦ ዘሎ አሉታ ኻአ፡ ተያትር እባ ተዋሰአ፡ እናበለ ክገልጾ ንሰምዕ አሎና፤ ወይ ጉድ አብ'ዚ ጊዜ እዚ አብ ኤርትራ አሹንኳይ ዶ፤ ከምዚ ተዋስኦ ክስራሕ፡ ህዝቢ ኤርትራ አፉ ተለጉሙ ክዛረብ አብ ዘይክእለሉ ደረጃ በጺሑ ክንሱ፡ አብሞንጎ ይሕዋት፡ ቤተሰብ፡ ዓዕሩኽ፡ ፈተዉቲ ከም ዘይታአማመን ኮይኑ አብ ዘለወሉ ጊዜ አብ ሰጣሕ ጽርግያ እሞ ኻአ ዓቢ ጎደና አስመራ ኮይኖም አንጻር ዘሎ ስርዓት ተዋስኦ ክገብሩ ኢሉ ምዝራቦም የገርም።

ካብቲ ዝብልዎ'ዉን መንነቱ ዘይፍለጥ እናበሉ ዝህብዎ ዘለዉ አልታዊ መልሲ ክነማዛዝኖ እንተኾይኑ ኮሪይረ ደላ ሰራ ዶ፤ ወይ ጋዘጣ ኢሳያስ ትእመን እዩ እቲ ሕቶ፤ አንባቢ ባዕልኻ ንኹሉ ሪኢኻ ፍረድ።

እሞ አንቱም መሳርሒ ናይ'ዚ መላኺ ስርዓት እዚ አብ ወጻእን አብ ዉሽጥን ኮንኩም ንህዝቢ ኤርትራ ከም ጹሉል ዘይሐስብን አብ ልዕሊኡ ዝበጽሔን ዝበጽሕን ዘሎ በደል አተኩሩ ንኽይርእን ሓቂ ንኽይፈልጥን ዓፊንኩም ብምሓዝ፡ አብ ልዕሊ ህዝብና ሃገርን ብተዉርድዎ ዘለኹም መጭወይትን መቕተልትን ምሕታትኩም ዘይትረፍ ምኳኑ ፍሉጥ እዩ።ስጋዕ ቀልመኩም ትዉድኡ ስርሑ እሞ፡ ከምቶም ዝሓለፉ ቢድ ጎይታኹም አብ ልዕ ለኹም ትዋጣወጥ ዘሳ በላሕ ሴፍ ኢሳያሳዊ አብ ክሳድኩም ክትዓርፍ ምኻና ፍሉጥ እዩ::

ሱቕ በሉ
ፍኒሕኒሕ ኣይትበሉ
ከይተጋልጽና ንሓዋሩ
ኣየትማኽሩ
ኣይትካራኽሩ
ኣይትዋዳደሩ

ሱቕ እንዶ በሉ
ፍንጥራዕ ንዝበለ ልጓም ግበሩሉ
ወይ ኣቃብጽዎ ንሓዋሩ
ህግደፍ።

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ሞጎስን ንስዋኣትና
ሰላምን ፍቕርን ራህዋ ንህዝብና